## ብኸመይ ናብቲ ማእከል ገበርቲ ሰናይ ክትከይድ ወይ ክትበጽሕ ትኽእል?

ዋና መእተዊ በሪ እቲ ማእከል ኣብዚ ሲዒቡ ዘሎ ኣድራሻ ይርከብ: **Avenue du Port, ቁጽሪ 94**.

ዕደላ ቲኬት ኣብ መእተዊ በሪ እቲ ማእከል ካብ ሰዓት 11 ናይ ንግሆ ጀሚሩ ይካየድ።






**እዚ ማእከል ገበርቲ ሰናይ እዞም ዝስዕቡ ትካላት የጠቓልል፣**

- ቀይሕ መስቀል ቤልጅየም፣
- ሓካይም ዓለም፣
- ሓካይም ብዘይ ዶብ፣
- ንስደተኛታት ዝሕግዝ ትካል (Plateforme Citoyenne de Soutien aux Réfugiés)፣
- ንትሕቲ ዕድመ ዝኮኑ ዝሕግዝ ትካል (SOS Jeunes) ከምኡውን ምግቢ ዝዕድሉ መጻምድቲ ማሕበራት

Belgische Rode Kruis Croix-Rouge de Belgique
Médecins du Monde
Médecins sans Frontières
BelRefugees Plateforme Citoyenne Burgerplatform
SOS Jeunes Quartier Libre

Flyer HUB EN 04/2022 – Editeur responsable : Lorenzo Durante Viola, 94 avenue du Port – 1000 Bruxelles - Avec le support de la Région de Bruxelles-Capitale

# ማእከል ገበርቲ ሰናይ

እዚ ማእከል ዝተፈላለዩ ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝተፈላለየ ሓገዝ ንዝደልዩ ሰባት ብነጻ ዝሕግዙሉ ቦታ ኮይኑ እቲ ዝዋሃብ ኣገልግሎት ግን ብቑጽሪ ውሱን/ዱሩት እዩ።

## መደባት

**ኣብ ሰሙን ኩሉ መዓልቲ ይኽፈት**

**ካብ ሰዓት 11.30 ንጎሆ ክሳዕ ሰዓት 7 ናይ ምሸት**

## ቲኬት

ኣብዚ ማእከል ኣገልግሎት ክትረክቡ ትደልዩ ሰባት ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣቀዲምኩም ካብቲ ማእከል ካብ ሰዓት 11 ንጎሆ ጀሚሩ ቲኬት ክትወስዱ ኣለኩም።*

*እቶም መተሓባበርቲ ፍሉይ ኩነታት ኣየር ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ዕደላ ቲኬት ንቅድሚት ናብ 10 ሰዓት ናይ ንጎሆ ናይ ምምዓእ መሰሎም ዝተሓለወ እዩ።

TIG

# እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ኣሎ?

እዚ ኣገልግሎት ንክትረክብ ጊዜ ክወስድ ይክእል እዩ። ከምኡውን ዘለዉ በዝሒ ቦታታት ብቑጽሪ ውሱናት/ድሩታት እዮም።

ኣብ መዓልቲ ክልተ ጊዜ ኣገልግሎት **ዕደላ ምግቢ**

ኣብ ብራሰለስ ከተማ **ህጹጽ መደቀሲ** ንዘድልዮም ደቂ-ተባዕትዮ ናይ መጸበዩ ዝርዝር ምዝገባ ኣገልግሎት።

### *ብቲኬት ዝወሃብ ኣገልግሎት:*

**ኣገልግሎት ምሕጻብ ነብሲ** :- ንደቂ ኣንስትዮ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ካብ ንጉሆ ሰዓት 11.30 ክሳዕ ድሕሪ ቀትሪ 12.30 ኣብ ዘሎ ጊዜ ይከውን።

ኣገልግሎት **ሕክምናዊ ምኽሪ**

ኣገልግሎት ምኽሪን ምይይጥን ምስ **በዓል ሙያ ስነ-ልቦና ወይ ስነ-ኣእምሮ**

ንደቂ ኣንስትዮ ኣገልግሎት **ምኽሪን ሕክምናን ምስ መዋልዳን**

ኣገልግሎት **ማሕበራዊን ሕጋውን ምኽሪ**

**ቴሌፎን** ምድዋልን **ኣዝማድ ንምርካብ** ዝግበር ሓገዝን

**ዕደላ ክዳውንትን** ፍርያት **መሐለዊ ጽሬትን**

**መደቀሲ ንዝደልያ ደቂ ኣንስትዮ** ኣገልግሎት ምቕባልን ከምኡውን መምርሕን ደገፍን ምሃብ

**ትሕቲ ዕድመ ንዝኾኑ ሓብሓቢ** ንዘይብሎም ኣገልግሎት ምቕባልን ከምኡውን መምርሕን ደገፍን ምሃብ

# ሰሙናዊ መደብ

